እዞም ኣቐዲምና ዝጠቐስናየን ሰለስተ ዓሌታት ቃንጥሻ ኣብ ቆቢዖም ትንኺዕ ኣለዎም። እንተኾነ ግን እዚ ትንኺዕ እዚ ብቐሊሉ ዝረግፍን ኣዝዩ ንእሽቶይ ወይ ድማ ዋላ ሓደ ከይገደፈ ክረግፍ ይኽእል እዩ።



## ፍላይ ኣጋሪክ

*ኣማኒታ ሙስካሪያ (Amanita muscaria)*

ካብ 10-25 ሴ.ሜ. ዝምግፍሑ ቖቢዕ ኣለዎ። ናይቲ ቆቢዕ ሕብሪ ድማ ብርህ ዝበለ ቀይሕ ወይ ድማ ናብ ኣራንሾኒ ዝሸደ ሃሳስ ቀይሕ ክኸውን ይኽእል እዩ። እቶም ትንኺዕ ጻዓዱ እዮም። ኣብቲ ጉንዲ ድማ ገፊሕ ቐለቤት ክህልዎ ኸሎ፤ እቲ ታሕታዋይ ክፋል ናይቲ ጉንዲ ድማ ሕብጥ ዝበለ እዩ። ኣቑጽልቶም ኣብ ቀውዒ ኣብ ዝረግፉን ኮኖኣዊ ዝቅርጾም ፍረ ኣብ ዘፍርዮ ኣግራብ (ጽሕዲ) ኣብ ዝርከቦ ጫካ ይቦቕሉ።



## Brun flugsvamp

*ኣማኒታ ሬጋሊስ (Amanita regalis)*

ካብ ቡናዊ ናብ ብጭው ዝበለ ቡናዊ ዝሕብሩ ቖቢዕ ዘውንን ኮይኑ ካብ 10-20 ሴ.ሜ ግፍሒ ኣለዎ። ከምኡውን ናብ ቢጫ ዝኸደ ጻዕዳ ትንኺዕ ኣለዎ። እቲ ጉንዲ ድማ ንጹር ቐለቤት ክህልዎ ኸሎ ታሕታዋይ ክፋል ናይቲ ጉንዲ ድማ ሕብጥ ዝበለ እዩ። ኣብ ኮኖኣዊ ፍረ ኣብ ዘለዎ ዓበይቲ ገረብ (ጽሕዲ) ኣብ ዝርከቦ ጫካ ይቦቁል።



## ፓንተርን መሸሩም

*ኣማኒታ ፓምተሪና (Amanita pantherina)*

ካብ 5-12 ሴ.ሜ ዝምግፍሑ ቖቢዕን ቡናዊ ዝዓብለሎ ነጠብጣብ ሕብሪ ኣለዎ። ጻዕዳ ትንኳዕ ዘወነነ ኾይኑ ኣብቲ ጉንዲ ድማ ኹሉ ጊዜ ቐለቤት የብሉን። ታሕታዋይ ክፋል ናይቲ ጉንዲ ሕብጥ ዝበለ እዩ። ኣቑጽልቶም ኣብ ቐውዒ ኣብ ዝረግፉ ኣግራብ ኣብ ዝርከበሉ ቦታትን ሓደ ሓድ ግዜ ድማ ኮኖኣዊ ቅርጺ ዘለዎ ፍረ ኣብ ዘፍርዩ ኣበይት ጽሕድታት ይቦቁል።

### ሳዕቤንን ምልክታትን ናይቲ መርዚ

እዞም ኣቐዲምና ዝጠቐስናየን ዓሌት ቃንጥሻታት ኩሎም ንናይ ስርዓተ መትኒ ዘጥቅዕ መርዚ ኣለዎም። ጽርውርው ምባል፤ ምድንጋር፤ ጭንቀት፤ ምፍዛዝን ናይ ጭዋዳታት ምጭባጥውን ክረአ ይኽእል እዩ። ኣብ ገለ እዋናት ውን ናይ ሕማም ስምዒታትን ተምላስን ይረአ።

### ብዛዕባ ቃንጥሻታት ዝያዳ ሓበሬታ ከመይ ምርካብ ትኽእል?

- ብዛዕባ ቃንጥሻታት ኣብ ዝወሃብ ኮርስታትን ሓጸርቲ መላለይታትን ተሳተፍ። ናይ ትምህርቲ ማሕበራትን ናይ ቃንጥሻ ትካላትን ትምህርታትን ሓጸርቲ መላለይታት የዳልው ኣዮም።
- ኣገደስቲ መርበብ ሓበሬታት፡- www.svampkonsulent.se www.svampguiden.com

ስእልን ኣቃውማ ጽሑፍ (ለይ ኣውት):- ሚኬል ኪሪኮረቭ (Michael Krikorev)

እዚ ፋንፍሌት እዚ ብምትሕግጋዝ ማእከል ሓበሬታት መርዚ ሸውደንን ማሕበር ኣማኸርቲ ቃንጢሻታት ሸውደን ዝተጠናቐረ እዩ

Svampkonsulenternas Riksförbund

# እቲ ኣዝዩ መርዛም ቃንጥሻ ኣብ ሸውደን!



## ኣቋርጽ!

- ምስ ኣብዚ እትርእየን ዘሎኻ ቃንጥሻታት ኣይትጠቀም!
- እተን ኣቐዲምካ እትፈልጠን ዓይነት ቃንጥሻታት ጥራይ ተጠቀም!
- ፈጺምካ ኣይትጥዓመን! ዋላ እተን መርዛማት ቃንጥሻታት ምቁራት እየን!
- ዓበይትን ምስ ቃንጥሻ ጽቡቕ ሌላ ዘለዎም ሰባት ጥራይ ነተን ቃንጥሻታት የጽርዩወን!
- ብዛዕባ ቓንጥሻታት ዝነግሩ እዋናዊ መጽሓፍቲ ይሃሉውኻ!

ህጹጽ ናይ ምምራዝ ሓደጋ ምስ ዘጋጥምን ከመኡውን ብዛዕባ መርዚ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ መስመር ቴሌፎን 112 ደውሉ (ናይ 24-ሰዓታት ኣገልግሎት)።

ቕልል ዝበለ ሓደጋ ምስ ዘጋጥም ብመስመር 010-456 6700 ደውሉ።

www.gic.se



## ዲስትሮዩንግ ኤንጅል

*ኣማኒታ ቪሮሳ (Amanita virosa)*

ብምሉኡ እቲ ቃንጥሻ ጻዕዳ እዩ። እቲ ቆቢዕ 5-12 ሴ.ሜ ስፍሓት ኣለዎ። ዝብዝሕ ግዜ እቲ ጉንዲ ቐለቤት ክህልዎ ከሎ ሓደ ሓደ እዋን ግን ከይህልዎ ይኽእል እዩ። ኣጸቢቖም ነኣሽቱ ኸለው ድማ እንቑቕሖ ይመስሉ። ታሕታዋይ ክፋል ናይት ጉንዲ ኣብ ኣዝዩ ሉስሉስ መሬት ተቐቢሩ ዝርከብ ሓባጥ እዩ። ዲስትሮዩንግ ኤንጅል ኣብ ኣዝዩ ሉስሉስን መሬትን ናይ ጽሕዲ ጫካታትን ኣግራባትን ይበቁል።

### ሳዕቤናትን ምልክታትን ናይቲ መርዚ

እቲ መርዚ ንጸላም ከብዲ የጥቅዕ። በዘን ምልክታት ድማ ይስነ ቐጢን ማይ ዝመስል ውጽኣት ናይ ሕማም ስምዒታትን ነቲ ቃንጥሻ ምስ ተመገብካ ድሕሪ ነዊሕ ሰዓታት ዝጅምር ተምላስን። ኣብ ጸላም ከብዲ ከቢድ ሽግር ክፈጥር ይኽእል እዩ። በዚ መርዚ ምምራዝ ክሳብ ኣብ ሞት ከብጽሕ ይኽእል ኣዩ።



## ዴድሊ ዌብካብ

*ቆርቲናሪዮስ ሬቡለስ/Cortinarius rubellus (ሲ. ስፔሲኦሲሲሙስ/C. speciosissimu)*

ካብ 4-8 ሴ.ሜ ዝስፍሓቱ ቆቢዕ ዝውንን ኮይኑ ብምሉኡ እቲ ቃንጥሻ ናብ ቀይሕ ዝኸደ ቡናዊ ወይ ድማ ብጭው ዝበለ ቡናዊ ሕብሪ ኣለዎ። ቕርጺ ናይቲ ቆቢዕ ድማ ካብ ጸፊሕ ክቢ ተበጊሱ ነጥቢ ክሳዕ ዝበጽሕ እናደየበ ዝኸይድ(ኮኖኣዊ) ኮይኑ ኹሉ ግዜ ግን ኸምኡ ከይኸውን ይኽእል ኣዩ። ኣብ ሉስሉስ ዝኾነ ናይ ጽሕዲ ጫካታትን ኣብ ገምገም ባሕሪ ኣብ ዝርከብ ኣግራብ ይበቁል። (ፉል'ስ ዌብካብ) (C. orellanus) ተመሳሳሊ ዓሌት ኮይኑ ሓደ ዓይነት መርዚ ይውንን። ኣቐጽልቶም ኣብ ቀውዒ ኣብ ዘረግፉ ኣግራባዊ ቦታን ናይ ኣውሊዕን ፉልን ዛፍ ኣብ ዝርከቡሉ ይበቁል።

### ሳዕቤንን ምልክትን ናይተ መርዚ

እቲ መርዚ ንኹሊት ዘጥቅዕ ኮይኑ ምሉእ ብምሉእ ከእንወን ይኽእል እዩ። ኣቲ ምልክታት ድማ ቐልጢፉ ዘይኮነ ድሕሪ ሓያሎ መዓልታት ነቲ ቃንጥሻ ምምጋብካ እዩ ዝረአ። እቲ ምልክታት ድማ ነዞም ዝስዕቡ የካትት፤ ጽምኢ፣ ናይ ጭዋዳታት ቃንዛ፣ መጠን ሽንቲ ማይ ምውሳኽ ወይ ድማ ምንካይ። በዚ መርዚ ምምራዝ፤ ናይ ነዊሕ እዋን ዝወስድ ናይ ደም ምጽራይ ሕክምና፣ ከምኡ'ውን ኹሊት ምቕያር ዘድልየሉ ኩነታት ከኽትል ይኽእል።



## ዴዝ ካብ

*ኣማኒታ ፋሎዲስ (Amanita phalloides)*

ካብ 5-12 ሴ.ሜ ስፍሓት ዝውንን ኮይኑ ኣብ ሕብሩውን ኣዝዩ ብዙሕ ዝኾነ ፍልልይ ኣለዎ ገሊኡ ውጹእ ጻዕዳ ገሊኡ ድማ ውጹእ ቀጠልያ ወይ ድማ ሓሙኽሽታይ ከምኡውን ብርህ ዘበለ ቡናዊ ነጠብጣብ ክኸውን ይኽእል እዩ። መተንፈሲኡ ድማ ጻዕዳ እዩ። እቲ ጉንዲ ድማ ኩል ግዜ ኣይኹን ደኣ እምበር ቐጢን ቐለቤት ኣለዎ። ታሕታዋይ ክፋል ናይቲ ጉንዲ ሓባጥ እዩ። ዴዝ ካብ ኣቑጸልቶም ኣብ ቐውዒ ኣብ ዝረግፉ ኣግራብ ኣብ ዘለዎ ቦታን ፍረኦም ኮኖኣዊ ቕርጺ ኣብ ዘለዎም ኣግራብ (ጽሕድታት) ኣብ ሓደ ኣብ ዝርከቡሉ ቦታታትን ሸኻታት ኣብ ዘለዎ ይበቁል።

### ሳዕቤናት ናይቲ መርዚን ምልክታቱን

ምስ ዲስትሮይንግ ኤንጅል ሓደ ዓይነት መርዚ ኣለዎ። ምልክቱውን ሓደ ዓይነት ኮይኑ ልክዕ ከምኡ ቐታሊ እዩ – ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ተመልከት!



## ፎልስ ሞሬል

*ጋይሮሚታራ ኢስኩለንታ (Gyromitra esculenta)*

ፎልስ ሞሬል ፍጹም ፍሉይ ምስ ዝኾነ ዓሌት እዩ ዝምደብ። ካብ 4-12 ሴ.ሜ ዝምግፍሑ ቆቢዕ ከምኡ ድማ ቡናዊ ሕብርን ናይ ሓንጎል ቕርጺ ዘለዎ እዩ። እቲ ጉንዲ ድማ ብርህ ዝበለ ሓምኹሽታይ። ቡናዊ። ወይ ድማ ሃሳስ ሊላዊ ነጠብጣብ ክኸውን ይኽእል። ፎልስ ሞሬል ኣብ ጽድያ ካብ ሚያዝያ ክሳብ ጉንዶም ኣቑጽልቲ ክሳብ ዘውጽእ ዝብዝሐ ግዜ ድማ ኣብ ኣግራብን መንገድታትን ነዊሕ ሱር ኣብ ዘይብለን ካብ ዝወደቑ ኣግራብ ብታሕቲ ዝጨብጨቡ ኣታኽልታት ይበቕሉ።

### ሳዕቤናት ናይቲ መርዚን ምልክታቱን

ሳዕቤን ናይቲ መርዚ እዚ ድማ ንስርዓተ መትኒ ክርብሽን ንዋህዮታት ደምን ጸላም ከብዲ ከጥቅዕ ይኽእል። ምልክታቱ ድማ ጽርውርው ምባል፣ ነገራት ክልተ ኮይኖም ይረኣዩኻ፣ ኮልታፍ ኣዘራርባ ናይ ሕማም ስምዒታትን ቕርጸትን ካብተን ክረኣያ ዝኽእላ ምልክታት እየን።